# ፖለቲካ'ኮ ስራሕ ናይ ህዝቢ ኢዩ!

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 02.03.2006

### 8ይ ክፋል

ግዝኣተ ሕጊ ይከበር! ክበሃል ከሎ ብቅቡል ኣገባብ ንዝተሃንጸ ሕጊ መሰረት ብምግባር፡ መራሕትን መንግስታዊ ትካላትን ንክሰርሑ መትከላዊ መጸዋዕታ ምግባር ማለት ኢዩ። እዚ መትከል እዚ፡ ነቲ መራሕቲ ብኢ.ደ-ወነኖም ክወስድዎ ብዝኽእሉ ኣመራርሓ ዝጉዳእ ሸነኻት ንምድሓን ዘገልግል ብምዃኑ ጠቢ ቕካ ክስረሓሉ ዘለዎ፡ ረብሓ ህዝቢ ዘተግብር ኢዩ። መትከል ግዝኣተ ሕጊ ንጠቕሚ ሃገርን ህዝብን ክውዕል ዝኽእል ግን፡ እቲ ዝወጽአ ሕጊ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ኣብ ዝተሓለወሉ ሃለዋት፡ ጠቕላላ ናጽነታትን መሰላትን ኣብ ዝተኸበረሉ ኩነታት ብሙሉእ ተሳትፎ ህዝቢ ዝተሓገገን ዝጸደቐን ምስ ዝኸውን ኢዩ።

ከም ኤርትራዊያን ከቢድ ዋጋ ዝተኸፍለሉ ቃልሲ ዘካየድና፡ ከም ህዝቢ መጠን ንዝተመንዛዓና ክብሪ ኣምሊስና ቦታና ኣብ ዓለም ንክንሕዝን፡ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላቱ ክሕለወሉን፡ ህዝቢ ኩሉ ጉዳያት ሃገሩ ባዕሉ ከመሓድርን፡ ኣብ ትሕቲኡ ኮይኑ ከኣ ሓቢሩ ኣንጻር ቶም ቀንዲ ጸላእቲ ደቂ-ሰብ ዝኾኑ ድሕረትን ድኽነትን ሕማምን ድንቁርናን እናተቓለሰ፡ ንዕኦም ስዒሩ ብሰላምን ብራህዋን ንክነብር ኢዩ ነሩ። ኮይኑ ግን ኣብ ኤርትራ ዝተተኽለ ጨቋኒ ስርዓት፤ እቲ ጉዕዞ እዚ ኣንፈትዚ ሒዙ ኸይከይድ፡ ልክዕ እቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ግዝኣቶም ንምንዋሕ ዝጥቀምዎ ዝነበሩ ፖሊሲ ብምቕጻል፡ ጉጅላዊ ጠቕሙ ልዕሊ ህዝባዊ ጠቕሚ ብምስራዕ ነቲ ዝነበረ፡ ናይ ገዛእትን ተገዛእትን ዝምድና ካልእ መልክዕ ናይ ጭቆና ሒዙ ንኽቕጽል ገበሮ። በዚ ኸኣ እቲ ቃልሲ ኣብ መንጎ ንዕላማ ነዊሕ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ጠምዚዙ፡ ንፍርያት ነዊሕ ቃልሲ ጨውዩ፡ ናብ ጸቢብ ጉጅላዊ ጠቕሙ ዘውዓለ ስልጣን ህግዲፍን፡ ኣብ መንጎ ኣብ መስርሕ ነዊሕ ቃልሲ ንዝተኸፍለ ክቡር ዋጋ፡ ንረብሓ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ክውዕል ዝቃለስ፡ ተበዲሉ ዘሎ ሰፊሕ ሸነኽ ህዝብን ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ 7ይ ክፋል ናይ ፖለቲካ'ኮ ስራሕ ናይ ህዝቢ ኢዩ! ዝብል ጽሑፍና ኣገዳሲ ዓንቀጻት ካብ ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ኣቕሪብና ኔርና።ንኩነታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኣመራርሓ ህግዲፍ ብመንጽር ናይዚ ኣዋጅዚ እንታይ ከምዝመስል ንምርኣይን፡ ስልጣን ህግዲፍ ነዚ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ከተግብር ግዴታ ከምዘለዎን፡ ብግዴታቱ ዘይብገስ ስልጣን ንካልኦት ግዲታኦም ክፍጽሙ ክሓትት ከምዘየምሕረሉን ዝብል ኣብ ናይ ሎሚ ሓተታና ክንምልከት ኢና።

ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ፡ ናይ ኤርትራ ኣመሓዳድራ ከመይ ይኹን ከይተመለሰ እንከሎ ኢዩ፡ ኤርትራ ናጽነታ ድሕሪ ምእዋጅ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ግዜ ተጓይዩ ብ28 ግንቦት 1993 ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምግባር፡ ኣባልነታ ኣብ ሕብረተ ሰብ ዓለም ዘረጋገጸ። እዚ ብንጽህና ካብ ረብሓ ህዝቢ ዝነቐለ እንተዝነብር ከመይ ጽቡቕ ኔሩ። እዚ ምጉያይዚ ግን፡ ኢሰያስ ስልጣኑ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ከመርቐ ስለ ዝደለየ ድኣምበር ክብርን ቦታን ናይ ህዝቢ ኢርትራ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ሰለ ዘገደሶ ኣይነበረን። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ክብሪ ዘገድሶ ኔሩ እንተዝኸውን ኣቐዲሙ ኣመራርሓ ሃገር ከመይ ይኹን ክምለስ ኔርዎ። ኣቐዲሙ ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ህዝቢ ኣብ ዝሳተፈሉ መጋባእያ ክውዳእ ኔርዎ። ዶባት ናይ ሓዳስ ነጻ ሃገር ካበይ ናበይ ይዝርጋሕ ውን ፈሊጡ ክሕዞ ይግባእ ኔሩ። ንባዕላ ኤርትራ ኣባል ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ትኹንዶ ኣይትኹን ምውሳን ናይ ኢሰያስ ስልጣን ኣይኮነን። መን ዝሃቦ ስልጣን?
እቲ ካልእ ጸገም ናይ ኢሰያስ፡ ናይቲ ኣብ ትሕቲ ኣመራርሓኡ፡ ኤርትራ ከም ሓዲሽ ኣባሉ እትኣትዎ ዘላ ማሕበር ዕላማታት ወይ መትከላት እንታይ ምዃኑን፡ ኤርትራኸ ከም ኣባል እንታይ ትጥለብን ኣድቂቑ ፈሊጡ ዝኣተዎ ኣይነበረን። ኣባል ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወይ ናይ ዝኾነ ውድብ ኣባል ምዃን ማለት ብሕግታቱን ውዕላቱን ምኻድ ማለት ኢዩ። ሕግታትን ውዕላትን ኣዋጃትን ሒዙ ዝወጽእ ሰነዳት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ንኣባል ሃገራት ውድብ ኣብ ሓድ-ሕደን ንዝዋሳኣሉ ነገራት ንምምሕዳር ጥራይ ዝወጽእ ዘይኮነስ፡ ሃገራት ኣብ ትሕቲ ግዝኣተን ንዝካየድ

ጉዳያት ዘመሓድርን ኣብ ውሽጣዊ ሂወተን ከመይ ደኸዳን ይመርሓን ውን መንገድታትን መትከላትን ዘስፈረ ኢዩ።

ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ከምቲ ኣቶ ኢሰያስ ዝርድኦ ስልጣንካ ንክምረቐልካ ኣይኮነን ኣባሉ ዝኾወን። ወይ ውን ሓንቲ ሃገር ናጻ ስለዝኾነት ጥራይ ኣይኮነን እትኣትዎ። ሓንቲ ሃገር ኣባሉ እትኾነሉ ቀንዲ ምኽኒያት ምስ ካልኦት ከምኣ ዝኣመሰላ ሃገራት ኮይና፣ ተወዲባ ኣብ መላእ ዓለም ሰላምን ዕቢትን ብልጽግናን ፍትሕን ማዕርነትን ንምስፋን ኣስተዋጽኦኣ ኸተበርክት ከም ዘለዋ ስለ እትኣምን ኢዩ። እታ ሃገር ድማ ንባዕላ ካብ ምዕዋትዚ ዕላማታትዚ ኣዚያ ተጠቃሚት ስለ እትኸውን ኢዩ። ነዚ ቅዱስ ዕላማታትዚ ንምትግባር እቲ ስራሕ ካብ ገዛኻ ክትጅምሮ ከምዘለካ ርዱእ ነገር ኢዩ። ሰላምን ዕቤትን ፍትሕን ማዕርነትን ኣብ ሃገርካ ኣረጋጊጽካ ካብኡ ሰጊርካ ከኣ ኣብ ሕብረተሰብ ዓለም ኣዎንታዊ ተራኻ ንምጽዋት ይከኣል። እዚ ከኣ ነቲ ቀንዲ መሰረት ናይ ኩሉ ሰብኣዊ መሰላት ዝኾነ፤ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተወሰነ ብ**ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት** ዝፍለጥ እምነታት ተመሪሕካሉ ብምኻድ ኢዩ ክረጋገጽ ዝኽእል።

ስልጣን ኢስያስ ብመንጽር **ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት** ክግምገም ከሎ ከም መንግስቲ ይኹን ከም ስርዓት ክትፈልጦ ዘይከኣል ኢዩ። ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ምክልኻል ክግበረሉ ዝኽእል ብግዝኣተ ሕጊ ኢዩ። ህግዲፍ ኣብ ዝመርሕዋ ኤርትራ ሕገ-መንግስቲ ዝበሃል የለን። ስልጣን ኢሰያስ ሃገር ዝመርሓሉ ቅዋም ዘይብሉ ክነሱ ኢዩ ከም ወኪል ህዝቢ ኤርትራ ብምኺን ኣባል ናይቲ ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ዘውጽአ ውድብ ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ። እዚ ኣዚዩ ዘተሓትት ጉዳይ ኢዩ። ናይ ስርዓት ህግዲፍ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፣ ካብ ውሽጢ ዓዲ ወጺኡ ብመላእ ዓለም ዝተፈልጠ ኢዩ። ብማሕበራት ተኸራኸርቲ ሰብኣዊ መሰላት ዓመት-ዓመት ዝወጽእ ጸብጻባት ከም ዘመልክቶ፣ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ዝኸፍኣ መሰላት ወዲ-ሰብ ዘይሕለወለን ሃገራት ኢያ እትቑጸር።

ኩሎም ደቂ-ሰባት ብማዕረ ክብርን መሰላትን፣ ናጻ ኮይኖም ዝተወልዱ ምኺኖም፣ ነብሲ-ወከፍ ሰብ ብሂወት ናይ ምምባር መሰል ከምዘለዎ፣ ሂወቱ ብማንም ክትውሰድ ከምዘይግባእ ዝጠቅስ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት፣ ኣብ ኣመራርሓ ህግዲፍ ዝእመነሉ መሰላት ኣይኮነን። ብሓፈሻኡ፣ ሂወት ወዲ-ሰብ ብፍላይ ከኣ ናይ ምስ ኢሰያስ ዘይቀባበሉ ሰባት ሂወት ኣብ ቅድሚ ህግዲፍ ክብሪ የብላን። ሂወት ናይ ወዲ-ሰብ ምሕላፍ (ምቕታል) ንመራሕቲ ህግዲፍ ቀሊል ከም ማይ ምስታይ ኢዩ። ብምርሻን፣ ኣብ ትሕቲ ነዊሕ ማእሰርቲ ብምስቓይ፣ ብዘይ ፍርዲ ክንደይ ክቡር ሂወት ኣሕሊፎም ኢዮም። ነዛ ብዓይኖም ክብርቲ ዘይኮነት ሂወት ወዲ-ሰብ፣ ንሃላሊ መደባቶም ኢሎም ውን ብኣሽሓት ክምዝጣሉዑላ ኣብ ታሪኽ ተራእዮም ኢዮም። ኣብ ትርጉም ዘይብሉ ውግእ ብዓ ሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸር ሂወት ዘጥፍእ መንግስቲ ብዘይ ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ሰራዊቱ ናይ ሞት ስጉምቲ ዝወሰደ መንግስቲ ኢዩ ክበሃል።

ማንም ሰብ ናይ ጭካኔ ስቓይ ኣይወርዶን፣ ካብ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ወጻኢ ብዝኾነ ኣገባብ ክዋረድን ክቕጻዕን ኣይግባእን ዝብል ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰል ኣብ ዓዲ ህግዲፍ ቦታ ከምዘይብሉ ኣብ ውሽጢ ሃገር ከም እሱር ተታሒዙ ዘሎ ሙሉእ ህዝቢ ኢርትራ ዓቢኡ ንእሽቶኡ ዝረኽቦ ዘሎ ውርደት ባዕሉ፣ እቲ ብኣልመማ ዝዋረድ ዘሎ ህዝቢ ክነግሮ ዝከኣል ኢዩ። እቲ ኣብ ፈቐዶ ቤት ማእሰርቲታት ህንጻታት ዲዩ ጉድጓዳት ወይ ኮንተይነራት ብዘይ ገለ ገበን ተኣሲሩ ዘሎ፣ ካብ ሰበ-ስልጣን ህግዲፍ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ክረክብ ዘይሕሰብ ኢዩ። ብዝተፈላለየ ስያመታት ብዝፍለጥ ጨካን ኣቀጻጽዓ፣ ንእሱራት ምስቓይ መዓልታዊ ተግባር ህግድፍ ኢዩ። ካብ ቤት ማእሰርታት ሃዲሞም ዝመጹ፣ ነቲ ጨካን ኣተሓሕዛ ከዘንትዎ ከለዉ፣ ኣብዚ ዘመንዚ ገና ከምኡ ይግበር ኣሎ ክብሉኻ ንክትኣምን ዝኸብድ ኢዩ።

እቲ ሃገረ ኤርትራ፣ ብወካልነት ህግዲፍ ኣባሉ ዝኾነትሉ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኣወጆ ብዛዕባ ሕጊ ዝምልከት **ኣብ ኣድማሳዊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መስላት** ዝወጸ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት፣ ህግዲፍ ከመይ ይሰርሓሉ ኣሎ ምስ እንምልከት ዘሕዝን ኢዩ።

- ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ኢዩ። ብዘይ ዝኾነ ፍልልይ ሕጊ ንኹሉ ድሕነቱ ክሕልወሉ ማዕረ መሰል ኣለዎ። ሕጊ ብምጥሓስ ንዝግበር ኣድልዎ ኩሉ መከላኸሊ ክረክብ ማዕረ መሰል ኣለዎ።
- ማንም ሰብ ብዘይ ፍርዲ ክእሰርን ኣብ ማሕዩር ክነብርን ኣይግባእን።
- ነፍሲ-ወከፍ ሰብ መሰላቱን ግዴታታቱን ኣብ ዝውሰነሉ ግዜን ከምኡ ውን ብዝኾነ ገበን ኣብ ዝኽሰሰሉ ግዜ፣ ብዘየዳሉን ነጻን ዝኾነ ቤት-ፍርዲ ጉዳዩ ብርትዓውን ግሉጽን መንገዲ ክስማዓ ሉ ማዕረ መሰል ኣለዎ።

- ኩሉ ክሱስ ክሳብ ገበኑ ብፍርዲ ዝረጋገጽ ንጹህ ኢዩ።

እዚ እቲ እዋጅ ሰብኣዊ መሰል ዝብሎ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ዝዝውተር ግን ካልእ ኢዩ!!

ኣብ ኤርትራ ብመንግስቲ ህግዲፍ ብዘይ ፍርዲ ዝተኣሰሩን፣ ዝተሓየሩን ገበን ዘይብሎም ዝተቐትሉን ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኢዮም። ኣብ ኤርትራ ናጻ ቢት ፍርዲ ዝበሃል የለን። ዝኾነ ሰብ ብገበን ዝተኸሰሰ፣ ንመከላኸሊኡ ዝኸውን ውሕስነታት ኣቕሪቡ ኣብ ናጻ ቤት ፍርዲ ክከራኸር መሰል የብሉን። ንሓደ ክሱስ ቤት ፍርዲ ብሕጊ መሰረት ገበነኛ ምዃኑ ከየረጋገጸሉ እንከሎ መንግስቲ ህግዲፍ ኣብ ማእሰርቲ ንዘእተዎም ክሱሳት ከም ገበነኛታት ክገልጽ ክስማዕ ከሎ፣ ካብ ሕጋውን ሰብኣውን ኣሰራርሓ ወጻኢ ኢዩ። ከም ኣብነት ንክንጠቅስ መንግስቲ ህግዲፍ ንመሳርሕቱ ዝነበሩ ላዕለዎት ሰበስልጣን ምስ ኣሰረ ኣብ ዝኾነ ፍርዲ ከይበጽሑ፣ ክሶም ንክምልሱ መሰል ከይረኸቡ ብኡ ንብኡ ኢዩ ከም ገበነኛታት ኣብ ውሽጢ ህዝብን ኣብ ዓለምን ክገልጾም ዝጀመረ። ህግዲፍ፣ ካድራቱ ናብ ህዝቢ ኣዋፊሩ ውን፣ ያኢ ህዝቢ ወሳኒ ቦታ ከምዘለዎ ንከምስል፣ ኣብተን ብደም ዝጠልቀያ ኣእዳዉ ተሓባባሪ ንምግባር፣ “ነዞም ሃገር ዝጠለሙ፣ ገበነኛታት እዚኦም እንታይ ንፍረዶም?” ዝብል ሕቶ ኢዩ ናብ ህዝቢ ዘቕረበ። ፍትሒ ምስ ህዝቢ ስለዘሎ ግን “ናይ ሓደ ሰሚዕካ ኣይትፍረድ” ዝብል መልሲ ኢዩ ህዝቢ ንመራሕቲ ህግዲፍ ዝሃበ። እዚ ማለት ከኣ ኣረዳድኣ ህዝብና ኣብ ሕጊ፣ ዝኾነ ሰብ ብገበን ዝተኸሰሰ፣ ንመከላኸሊኡ ዝኸውን ውሕስነታት ኣቕሪቡ ክከራኸር መሰል ከምዘለዎን ገበኑ ክሳብ ቤት ፍርዲ  ዘረጋግጸሉ፣ ካብ ገበን ናጻ ከምዝኾነ ተጌሩ ክቑጸር መሰል ከምዘለዎን ንህግዲፍ ዘስተምህር ኢዩ ኔሩ።

ህግድፍን ሰዓብቱን ግዝኣት ሕጊ ይከበር ኢሎም ክዛረቡ ከሎዉ፣ ብቐዳምነት ንነብሶም ዝኸሱን ዝኹንኑን ከምዘለዉ ዘይምርዳኦም ዘሕዝኑ ኢዮም። እቶም ቅዱስ ዕላማታት ዘስፈረ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ኣባል ዝኾንሉ ኣህጉራዊ ውድብ ብዘጸይፍ ኣገባብ እናረገጹ ዝኸዱ ዘለዉ ንሳቶም ኢዮም። ብዘርእይዎ ዘለዉ ረገጻ ሰብኣዊ መሰላት ብኣህጉራዊ ሕብረተ-ሰብ ክኹነኑ ዘለዎም ንሳቶም ኢዩም። ንሰብኣዊ መሰላት ብከምዚ ዘርእይዎ ዘለዉ መንገዲ ምግሃሶም ክምጽእዎ ዝኽእሉ ዝኾነ ምኽኒያት የብሎምን። ቅዋማዊ መንግስቲ ንምትካል ምሕንጻጽ ዶብ ንጽበ ኣሎና ይብሉ። ዲሞክራሲ ንዘይምትእትታው ኤርትራ ምዕብልቲ ኣይኮነትን ይብሉ። ሰብኣዊ መሰላት ንዘይምኽባርከ እንታይ ዕባራ ምኽኒያት ኢዮም ክፈጥሩ??

ህዝቢ መስረታዊ ሰብኣዊ መሰላቱ ንዘየኽብረሉ መንግስቲ ተማእዚዙ ክኸይድ ዘይግባእ ኢዩ። እዚ ስለዝኾነ ኢዩ ውን እቲ በቢእዋኑ ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝረአ ዘሎ ተቓዉሞን ዘይምእዙዝነትን ኣንጻር ህግዲፍ ኣናሰፍሐን እናበርትዐን ዝኸይድ ዘሎ። ኣብ ግዳም ንዝኸይድ ዘሎ ተቓውሞ ህዝቢ ንምዝሓልን፣ ንሰዓብቶም ንምእባድን ኢሎም ዝመጹ ዓበይቲ መራሕቲ ሻዕቢያ ክሳብ ክንደይ ፖለቲካዊ ባይቶኦም መሬት ዘቢጡ ከምዘሎ ካብ ዑደቶም ብቐረባ ትምህርቲ ረኺቦም ክኾኑ ይግባኦም። ተቓዉሞ ህዝቢ ናህሩ እናወሰኸን ኣገባብ ኣቀላልሳኡ እናኣማዕበለን ይኸይድ ከምዘሎ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ኤውሮጳ ኣብ ዘጋጠሞም፣ ንዕኦም ዘቃልዕ ናይ ተቓዉሞ ሰላማዊ ሰልፍታት፣ መራሕቲ ህግዲፍ ብዓይኖም ክምስክርዎ ኪኢሎም ኢዮም። ህግዲፍ ብፍቓዶም ስልጣን ንህዝቢ ከረክቡ ኣይክእሉን ኢዮም፣ ህዝቢ ከኣ ሰብኣዊ መስላቱ ተጋሂሱ ናይ ህግዲፍ ግዙእ ኮይኑ እናተጨቆነ ክነብር ዘይግባእ ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ባዕዳውያን መንዚዕሞ ንዝነበሩ ህዝባዊ ክብሩን ሃገራዊ መንነቱን ተቓሊሱ፣ ክቡር ዋጋ ከፊሉ ዝመለሶ፣ ሎሚ ከኣ ብህግዲፍ ተዋሪዱ ዘሎ ህዝባዊ ክብሩን ተረጊጹ ዘሎ ሰብኣዊ መሰሉን ተቓሊሱ ክመልሶ ኣለዎ።